# ግምገማ ሓባር-መገዲ

ነቶም ኣብ'ዚ ዝስዕብ ናይ ዕድመ ክልል ዝርከቡ ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታት 3 - 21

*– ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ነዞም ምልክታት እዚኦም ጠውቑ።*

**1 ብዛዕባ ኩነታት ትምህርቲ ቆልዓኻ ስክፍታታት ኣለዉኻ**

ምስ መምህር ቆልዓኻ ወይ ምስ ናይ'ቲ ኣውራጃ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ሓላፊ ተዘራረብ።

**2 ጣልቃ ምእታው ኣንጻር ናይ ገምጋም ሕቶ**

ቤት ትምህርቲታት ንኹሎም ድኽመት ዘለዎም ተምሃሮ ንምሕጋዝ ነቶም መምርሒታት ከመዓራርዩ ኣለዎም። ናይ ገምጋም ሕቶታት ማለት ጣልቃ ምእታዋት ማለት ኣይኮኑን።

መሰላት ወለዲ

**3 ሕቶ ንገምጋም**

ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ገምጋም ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

30 መዓልቲታት

እቲ ኣውራጃ ኣካላዊ ስንክልና ኣሎ ኢሉ ኣይጥርጥርን

ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ቀጽል ...

ወይ ብክፍሊ ትምህርቲ ኦህዮ (Ohio Department of Education”) ኣቢሉ ዝቐርብ ናይ ጎንጺ ኣፍታትሓ መማረጺ ሰዓብ በዚ ሊንክ ኣቢልካ.

PR-01

**4 ናይ ኣካል ስንክልና ይጥርጠር ገምጋም ንምግባር ፍቓድ**

PR-05

60 መዓልቲታት

**5 ከይዲ ገምጋም**

ጉጅለ ናይ ክኢላታት፣ ንወለዲ ሓዊስካ፣ መደብ ንኽገብሩ ክእከቡ እዮም ኣብ ኩሎም ከባቢታት ስክፍታ ገምጋም ንምክያድ።

ቅድመ መዋእለ ህጻናት

ንትምህርቲ ዕድሚኦም ዝኣኸሉ

**6 ጉጅለ መባእታዊ ገምጋም ጸብጻብ ተዛዚሙ ኣሎ**

እቲ ጉጅለ፣ ወለዲ ሓዊስካ፣ ነቲ ውጽኢት ንምግምጋም ክእከቡ እዮም።

**7 ብቑዕነት ውሳነ**

PR-02

ETR

30 መዓልቲታት

እቲ ናይ ብቑዕነት ጉጅለ እቲ ቆልዓ ዘይብቑዕ ኮይኑ ረኺብዎ ኣሎ

ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ቀጽል

**8 መባእታዊ IEP ማዕቢሉ ኣሎ**

እንድሕር እቲ ጉጅለ፣ ወለዲ ሓዊስካ፣ እቲ ቆልዓ ብ ቑዕ ምዃኑ እንተወሲኖም፣ ናይ IEP ክምዕብል እዩ

IEP

**9 መባእታዊ IEP ኣብ ግብሪ ውዒሉ ኣሎ**

እቲ ኣውራጃ ነቶም ኣብ'ቲ ናይ'ቲ ተምሃራይ IEP ዝጠቓለሉ ኣገልግሎታት ከቕርብ ኣለዎ።

Ohio | Department of Education

# ግምገማ ሓበር-መገዲ

## 1. ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ኩነታት ትምህርቲ ስክፍታታት ኣለዉኻ

- እንተደኣ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ኩነታት ትምህርቲ፣ ዕብየት ወይ ክእለታት ስክፍታታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ምስ'ቲ ናይ ቆልዓኻ መምህር ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። ምስ ናይ'ቲ ኣውራጃ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ሓላፊ እውን ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ሰብ እዚ መን ከምዝኾነ ርግጸኛ ዘይኮንካ እንተኾይንካ፣ ናብ ናይ ቦርድ ቢሮ ብምኻድ ስም እዚ ሰብን ናይ ርክብ ሓበሬታን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ምስ ናይ ቆልዓኻ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ እውን ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።
- ነቶም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ (ዕድመኦም ካብ 3-5) ዘለዉ ቆልዑ ብዝምልከት፣ ቆልዓኻ ዝኾኑ ዓይነት ኣብ ክእለት፣ ዕብየት፣ ን/ወይ ኩነታት ናይ ትምህርቲ ድሉውነት ምድንጓያት/ጸገማት ከምዘለዉዎ ንምፍልጥ፣ እቲ ናይ ፈለማ ስጉምቲ ናብ'ቲ ንስኻ ወይ ወለዲ ዝነብሩሉ ከባቢ ዝርከብ ናይ ትምህርቲ ኣውራጃ ከይድካ ምዝርራብ እዩ። ናይ መብዛሕቲኦም ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃታት ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብ ሕድሕድ ናይ'ቲ ኣውራጃ መርበብ-ሓበሬታ ክርከብ ዝኽእል እዩ።

## 2. ጣልቃ ምእታዋት ኣንጻር ናይ ገምጋም ሕቶ

- **ጣልቃ ምእታው፤** ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃታት ንኹሎም ተምሃሮ ኣብ ከይዲ ትምህርቲ ንምሕጋዝ ብዘኽእል መልክዑ መምርሒታት ከቕርባ ኣለወን። ነቶም ኣብ ትምህርቲ ድኽመት ዘለዎም ተምሃሮ ዝሕግዙ መምርሒታት ንምትዕርራይ ዘኽእሉ ስትራቴጂታት ጣልቃ ምእታዋት ተባሂሎም ዝጽውዑ ኮይኖም ንኹሎም ተምሃሮ ዝኾኑ ድማ እዮም (ን ፍሉይ ትምህርቲ ጥራሕ ዘይኮነ)።
- **ናይ ገምጋም ሕቶ፤** ን ፍሉይ ትምህርቲ ገምጋም ምሕታት ምስ ጣልቃ ምእታው ተመሳሳሊ ነገር ኣይኮነን፤ ጣልቃ ምእታዋት ቅድሚ እቲ ገምጋም ወይ ኣብ እዋን እቲ ገምጋም ዝግበረሉ ክካየዱ ዘለዎም እዮም። ሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ነቲ ገምጋም ንምድንጓይ ክብል ጣልቃ ምእታዋት ኣብ ጥቕሚ ከውዕል የብሉን። እንተደኣ ጣልቃ ምእታዋት ዘይተኻየዱ ኮይኖም፣ ምስ'ቲ ገምጋም ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ክካየዱ ኣለዎም።

ናብ'ቲ መደብ ተመለስ

# ግምገማ ሓባር-መገዲ

## 3. ናይ ገምጋም ሕቶ

- እንተደኣ ቆልዓኻ ኣካላዊ ስንክልና ኣለዎ ኢልካ ትጥርጥር ኮይንካ፣ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ገምጋም ክካየደልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ግድን ብጽሑፍ ክቐርብ ዘለዎ ኣይኮነን፤ ይኹን እምበር፣ ነቲ ሕቶ ዘቕረብካሉ ዕለት ኣብ ናይ ብሕትኻ መዝገብ ምምዛጋብ ጽቡቕ እዩ።
- ነቶም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዘለዉ ተምሃሮ፣ ንስኻ ከ መጠን ወላዲ ነቲ ኣብ'ቲ ናይ ቤት ትምህርትኻ ኣውራጃ ዝርከብ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ሰራሕተኛ ክተዘራርቦ እንክለኻ፣ ቆልዓኻ ነቶም ናይ ቅድመ ትምህርቲ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገግልግሎታት ንምርካብ ብቑዕ ምኺን ዘይምኺኑን ንምርግጋጽ ዝግበር ገምጋም ንኽገበር ሕቶ ክተቕርብን ኣየኖት መደባት ከ እዮም ነቶም ድልየታት ቆልዓኻ ብዝበለጸ ከማልኡ ዝኽእሉ ኢልካ እውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
- እቲ ኣውራጃ ንሕቶኻ መልሲ ንምሃብ እቲ ሕቶ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ኣትሒዙ ዘለዋ 30 ናይ ካላንደር መዓልቲታት ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ ሓደኡ (PR-01) ዝተብሃለ እቲ ኣውራጃ ስንክልና ኣሎ ኢሉ ከምዘይጥርጥር ([ናይ PR-01 ቅጥዒ ሊንክ]()) ዘረድእ ኣቐዲምካ ዝለኣኻ ናይ ጽሑፍ ምልክታ ክልእኸልካ ኣለዎ ወይ ድማ ገምጋም ንምክያድ ፍቓድካ ክረክብ ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ ናይ ፍሉይ ትምርሀቲ መስርሕ ሓለዋ ምልክታ ቅዳሕ ክህበካ እዩ፣ ርእሱ ድማ
“[መምርሒታት መሰል ወለዲ ኣብ ፍሉይ ትምህርቲ]()።”
- ሓደ ኣውራጃ ጣልቃ ምእታዋት ንምክያድ ክብል ን ገምጋም ክደንጉይ ኣይኽእልን። እንተደኣ እቲ ኣውራጃ ቅድሚ ምክያድ እቲ ገምጋም ጣልቃ ምእታዋት ዘየካየደ ኮይኑ፣ እቲ ኣውራጃ ነቲ ጣልቃ ምእታው ምስ'ቲ ገምጋም ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ከካይድ ኣለዎ።
- እንተደኣ እቲ ኣውራጃ ስንክልና ኣሎ ኢሉ ዘይጥርጥር ኮይኑ፣ ቆልዓኻ ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኮይኑ ክቕጽል እዩ። እንተደኣ ምስ ውሳነ እቲ ኣውራጃ ዘይትሰማማዕ ኮይንካ፣ ብክፍሊ ትምህርቲ ኦህዮ (Ohio Department of Education”) [በዚ ሊንክ]() እዚ ተጠቒምካ ናይ ኣፈታትሓ ጎንጺ ኣማራጺ ክትስዕብ ትኽእል ኢኻ።

## 4. ገምጋም ንምግባር ፍቓድ

- እንተደኣ እቲ ኣውራጃ ስንክልና ኣሎ ኢሉ ዝጥርጥር ኮይኑ፣ ንፍቓድካ ብጽሑፍ ( ናይ ፍቓድ ቅጥዒ PR-05 እዩ ዝበሃል፡ናይ ወለዲ ፍቓድ ገምጋም ንምክያድ) ([ናብ'ቲ ቅጥዒ ዝወስድ ሊንክ]()) ክቕበል እዩ። ካብ'ቲ ፍቓድካ ዝሃብካሉ ዕለት ኣትሒዙ፣ እቲ ኣውራጃ ነቲ ገምጋም ንምዝዛም 60 ናይ ካለንደር መዓልቲታት ክህልዎ እዩ።
- ነቶማ ኣብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ቆልዑ፣ እንተደኣ ንኡስ ቆልዓኻ ዕድመኡ ካብ 3-5 ኮይኑን ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ መደብ ዘይተኸታተለ ኮይኑን፣ ወይ እቲ ቆልዓ ካብ IDEA ክፋል C (ኣብ እዋን ንእስነት ዝካየድ ጣልቃ ምእታው) ናብ ክፋል B (ፍሉይ ትምህርቲ) ስግግር ዘየካየደ ኮይኑ፣ እቲ ኣውራጃ ጣልቃ ምእታዋት ንኸካይድ ዘኽእሎ ዕድል ዘይረኸበ ናይ ምኺን ዕድሉ ገፊሕ እዩ። እቶም ኣብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ቆልዑ እቐዲሞም ኣብ ትሕቲ ናይ IDEA ክፍሊ C ን/ወይ ክፍሊ B ዝርከቡ ኣገልግሎታት ዝረኸቡ እንተኾይኖም ወይ ኣብ ትሕቲ እቲ ዝጥርጠር ክፍሊ ኣካላዊ ስንክልና ዝርከብ ናይ ትምህርቲ ስንክልና ገምጋም እናተኻየደሎም እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ እቶም ጣልቃ ምእታዋት ኣደለይቲ ዝኾኑ። እንተደኣ ካብ'ቲ ውከሳ ኣቐዲሞም ጣልቃ ምእታዋት ዘይተኻየዱ ኮይኖም፣ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ብተመሳሳሊ ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ሱሳ መዓልቲታት ናይ ግዜ ወሰን ማለት እውን ኣብ እዋን እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ምስ ኣብ ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ቆልዓ ካብ'ዞም ኣብ ታሕቲ ዝተገልጹ ናይ ዕብየት ሸነኻት ርኡይ ዝኾነ ኩነታት ምድንጓይ ዘርኢ ተምሃራይ ዘለዉ ስክፍታታትን እቲ ተምሃራይ ፍሉይ ትምህርቲን ተተሓሓዝቲ ኣገልግሎታት ዘድልዩዎ ምኺኖም ንምፍላጥን ፍታሕ ንምሃብን ምሉእ ናይ ሕድሕድ ተምሃራይ ገምጋም ኣብ ዘካይደሉ እዋን ግቡኣት ዝኾኑ ጣልቃ ምእታዋት ከካይድ ይኽእል እዩ፡ ናይ ምልምማድ ባህሪ፣ ክእለት ምርዳእ፣ ርክብ፣ ምስማዕ፣ ምርኣይ፣ ስምዒት/ናይ ምንቅስቓስ ክእለት፣ ማሕበራዊ/ስምዒታዊ ክእለት ን/ወይ ባህሪያዊ ክእለትን። እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ነቲ እናተኻየደ ዝርከብ እቲ ቆልዓ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ንምርካብ ብቑዕ ምኺን ዘይምኺኑ ንምፍላጥ ዝካየድ ገምጋም ናይ'ቲ ቆልዓ ኣድላዪ ዘይኮነ ምድንጓያት ንምፍጣር ክብል ነዞም ጣልቃ ምእታዋት ከካይድ የብሉን።

**ናብ'ቲ ሓባር-መገዲ ተመለስ**

# ግምገማ ሓባር-መገዲ

ነቶም ኣብ'ዚ ዝስዕብ ናይ ዕድመ ክልል ዝርከቡ ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታት 3 - 21

## 5. ከይዲ ገምጋም

- እንተደኣ እቲ ኣውራጃ እቲ ቆልዓ ገምጋም ክገብረሉ ኣለዎ ኢሉ ወሲኑ፣ ክኢላታትን ወለዲን ዝሓቁፍ ጉጅለ ነዚ ዝተጠርጠረ ስንክልና ክፍሊን እቶም ገምጋም ክካየደሎም ዘለዎ ከባቢታትን ንምፍላይ ዝርርብ ከካይድ እዩ። እዚ ኩሉ ኣብ'ቲ ዝተፈላለዩ ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲን ቤት ትምህርቲን ዕድመ መሰረት ዝገበሩ መልክዓት ዘልዉዎ Evaluation Team Report (ETR) (ናይ ገምጋም ጉጅለ ጸብጻብ) ክጠቓለል ኣለዎ። ([ናብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝወስድ መላገቢ]) ([ ናብ ናይ ቤት ትምህርቲ ዕድመ ዝወስድ መላገቢ])
- ንቆልዓኻ ከመይ ዝበሉ ሓገዛት ብዝበለጸ ክሕግዙዎ ከምዝኽእሉ ንምፍላጥ ኩሉም ናይ ድልየት ሸነኻት ክግምገሙ ኣለዎም።
- እቲ ኣውራጃ ነቶም ክጥቀሞም ዝሓሰቦም ገምጋማት ክገልጽ የብሉን እንታይ ደኣ ኣብ ኣየናይ ሸነኽ ገምጋም ከካይድ ከምዝኾነ ግን ክገልጽ ኣለዎ። ነቶም ኣብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ተምሃሮ፣ ሕድሕድ ናይ ዕብየት ሸነኽ ገምጋም ክካየዶ ኣለዎ።
- እዚ ናይ መደብ ምውጻእ ኣኼባ ቅድሚ ዝኾነ ዓይነት ገምጋም ምክያዱ ክግበር ክኽእል ኣለዎ። ንስኻ ከመጠን ወላዲ ኣብ'ዚ ጉጅለ እዚ ንቑሕ ተሳታፊ ብምዃን ኣብ ከይዲ ውሳነ ኣካይዳ እዚ ገምጋም ክትሕግዝ ኣለካ።
- ነቶም ኣብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ቆልዑ፣ እንተነኣሰ ካብ'ቶም 5 ናይ ገምጋም መገዲትታት/ናይ ዳታ ምንጪታት ሓደም ብምጥቃም ሕድሕድ ናይ ዕብየት ሸነኽ ክግምገም ኣለዎ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ፣ ሕድሕድ ናይ ገምጋም መገዲ/ናይ ዳታ ምንጪ እንተነኣሰ ሓደ ግዜ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ኣለዎ። እቲ ዝካየድ ገምጋም ምስ'ቲ እቲ ቆልዓ ዝተመደበሉ ናይ ስንክልና ክፍሊ/ዓይነት ዝራኸብ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፣ ንኹሎም ናይ'ቲ ቆልዓ ፍሉያት ናይ ትምህርቲን ድልየታትን ተዛምድቲ ድልየታት ኣገልግሎትን ብዝሓቖፈ መልክዑ እኹል ብዝኾነ መጠን ክካየድ ኣለዎ።

## 6. ናይ መባእታዊ ገምጋም ጉጅለ ጸብጻብ ተዛዚሙ ኣሎ

- ከም መጠን ወላዲ፣ነቲ ናይ ገምጋም ዳታን ንሕድሕድ እቶም ናይ ዝተኻየዱ ገምጋማት መጠቓለሊ ክትግምግም ዘኽእለካ ([PR-02 ተባሂሉ ዝጽዋዕ]) ናይ ወላዲ መጸዋዕታ/ዕድመ ክበጽሓካ እዩ። PR-02 እቲ ዲስትሪክት ናብ'ቲ ኣኼባ ንመን ከምዘምጽእ ዝገልጽ ክኸውን ኣለዎ። ከም መጠን ወላዲ፣ ምሳኻ ንዝደለኻዮ ሰብ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ።
- ጉጅለ ክኢላታትን ወለዲን ብሓባር ብምዃን ነቶም ናይ ገምጋም ውጽኢታት ድሕሪ ምግምጋም እቲ ቆልዓ ስንክልና ኣለዎ ድዩ የብሉን ኣብ ዝብል ክውስኑ እዮም። ([ናብ ናይ ETR ቅጥዒ ዝወስድ መላገቢ])

**ናብ'ቲ ሓባር-መገዲ ተመለስ**

# ግምገማ ሓባር-መገዲ

ነቶም ኣብ'ዚ ዝስዕብ ናይ ዕድመ ክልል ዝርከቡ ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታት 3 - 21

## 7. ወሳንነት ዘይብቑዕነት

- እቲ ንዓኻ ከም መጠን ወላዲ ዝሓቁፍ ጉጅለ ቆልዓኻ ነቶም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብቑዕ እዩ ኢሉ እንተወሲኑ፣ ቀጺሉ ነቲ ናይ ብቑዕነት ክፍሊ/ዓይነት ክፈሊ/ከረጋግጽ እዩ። እንተደኣ ኣቲ ጉጅለ ቆልዓኻ ብቑዕ ኣይኮነን ኢሉ ወሲኑ፣ ቆልዓኻ ኣብ'ቲ ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ/ካሪኩለም ጥርሕ እዩ ክቕጽል። ዝኾነ ኣባል ጉጅለ፣ ነቲ ወላዲ ወሲኹ፣ ምስ እቲ ናይ ጉጅለ ውሳነ ከምዘይሰማማዕ ዝገልጽ መግለጺ ኣታዊ ክገብር ይኽእል እዩ። እንተደኣ ቆልዓኻ ብቑዕ ኣይኮነን ተባሂሉ፣ ናጻ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ገምጋም ንኽካየደልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። IEE ን ሓደ ወላዲ ናይ ብሕቲ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ገምጋም ናይ ምክያድ ዕድል ዝህብ፣ ናይ ደገ ክኢላ፣ በቲ ኣውራጃ ዘይተቖጸረ ኣካል እዩ።
- ነቶም ኣብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ቆልዑ፣ እንተደኣ ቆልዓኻ ብቑዕ ዘይኮነ ኮይኑ ተረኺቡን ኣብ'ዚ ሐዚ ግዜ ድማ ኣብ ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ መደብ ዘይተመዝገበ እንተኾይኑን፣ እቲ ኣውራጃ ኣብ'ቲ ግዜ ዘለዉ ብ ከባቢያዊ ን/ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ዝመሓደሩ ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ መደባት ኣማራጺታት ዝርዝር ከቕርብ ይኽእል እዩ።

## 8. መደብ መባእታዊ IEP ማዕቢሉ ኣሎ

- እንተደኣ እቲ ንዓኻ ከም መጠን ወላዲ ዝሓቁፍ ጉጅለ ቆልዓካ ነቲ ፍሉይ ትምህርቲ ንምውሳድ ብቑዕ እዩ ኢሉ ወሲኑ ኮይኑ፣ እቲ ኣውራጃ ውልቃዊ ናይ ትምህርቲ መደብ (Individualized Education Program (IEP)) ንምምዕባል ናይ 30 መዓልቲታት ናይ ግዜ ወሰን ክህልዎ እዩ። ([ናብ IEP ዝወስድ መላገቢ])
- IEP ነቶም ኣብ'ቲ ናይ ቆልዓኻ ናይ ገምጋም ጸብጻብ ጉጅለ (Evaluation Team Report (ETR)) ዝተፈለዩ ናይ ብሕቲ ድልየታት ብዘማልእ መልክዑ ዝተዳለወን ክዕቀኑ ዝኽእሉ ሽቶታት ዘቖምጥን ምስ'ዚ እቲ ለውጢ ብኸመይ ከምዝዕቀን ዘርኢ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ጉጅለ IEP ንዓኻ ከም መጠን ወላዲ፣ ናይ ቆልዓኻ ናይ ስሩዕ ትምህርቲ መምሃር (እቲ ቆልዓ ዘለዎ እንተኾይኑ)፣ እንተነኣሰ ሓደ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ መምህር፣ ናይ ኣውራጃ ተወካሊ፣ ሓደ ነቲ ነቶም ናይ ገምጋም ውጽኢታት ክትርጉም ዝኽእል ሰብን ሓደ ድማ ንስኻ ወይ እቲ ኣውራጃ ነቲ ቆልዓ ክጠቅም ዝኽእል ፍልጠት ኣለዎ ኢልኩም እትመርጽዎ ሰብን ዝሓቁፍ እዩ።
- ን ቅድመ ቤት ትምህርቲ፣ እቶም ዝድለዩ ኣባላት ጉጅለ IEP እዞም ዝስዕቡ እዮም፤ ወላዲ፣ ሓፈሻዊ ትምህርቲ መምህር፣ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ መምህር/ኣቕራቢን ናይ ኣውራጃ ተወካሊን።
- ን መባእታዊ IEP፣ ንስኻ ከም መጠን ወላዲ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ብዝምልከት ፍቓድካ ክትህብ ኣለካ። እንተደኣ ፍቓድካ ዘይሃብካ ኮይንካ፣ ቆልዓኻ ናይ IEP ኣገልግሎታት ኣይክወሃቦን እዩ።
- ዋላኳ ፍቓድካ ነቲ ናይ መባእታዊ IEP (ወይ ኣብ ትምህርታዊ ኣመዳድባ ንዝህሉ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ) ጥራሕ ዝድለ ይኹን፣ እቶም ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃታት ኣብ ኩሎም ናይ IEP ኣኼባታት ንኽትሳተፍ ክዕድሙኻ ኣለዎም። ነቲ ናይ ቆልዓኻ IEP ኣመልኪትካ ዝሃብካዮ ፍቓድ ኣብ ዝደለኻዮ ሰዓት ናይ ምስሓብ መሰል ኣለካ።

ናብ'ቲ ሓባር-መገዲ ተመለስ

# ግምገማ ሓባር-መገዲ

ነቶም ኣብ'ዚ ዝስዕብ ናይ ዕድመ ክልል ዝርከቡ ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታት 3 - 21

## 9. መባእታዊ IEP ኣብ ግብሪ ውዒሉ ኣሎ

- እቲ ኣውራጃ ነቶም ኣብ ናይ ቆልዓኻ IEP ዝጠቓለሉ ኣገልግሎታት ናይ ምቕራብ ግቡእ ኣለዎ።
- ሕድሕድ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ንሕድሕድ ናይ ስንክልና ዘለዎ ቆልዓ ነጻን ግቡእን ዝኾነ ናይ ህዝቢ ቤት-ትምህርቲ (FAPE) ኣብ ብውሑዱ ቀያዲ ዝኾነ ከባቢ (LRE) ክወሃብ ክገብር ኣለዎ። ን ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ፣ እዚ እቲ ኣውራጃ ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ህዝባዊ ሓፈሻዊ ናይ ቁልዕነት መደብ ይሃልዎ ወይ ምስ ካልኦት ናይ ትምህርቲ ኤጀንሲታት ይወዓዓል ብዘየገድስ ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘለዎ እዩ።

ናብ'ቲ ሓባር-መገዲ ተመለስ